# ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዋና ዝሰኣነ ውድብ።

ተጋዳላይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ቃልሲ ንናጽነት ዘበርከቶ ኣበርክቶ፡ ዝኸፈሎ መስዋእትነት፡ ዘሕለፎ ከርፋሕ ናብራ ዝኽሕድ ኤርትራዊ ኣሎ ኢለ ኣይኣምንን። ተጋዳላይ ተ.ሓ.ኤ. ብፍቕሪ ሃገሩ ልቡ ዝነደደ፡ ሂወቱ ምእንቲ ሃገሩን ህዝቡን ዘበጀወ፡ ሃገር ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ከትኣቱ ዘየፍቅድ እዩ ነይሩ። ብልክዕ እንተመዚና ሎሚ ተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ. ዝነበሩ ኣብ ዝለዓለ ጽፍሒታት መንግስቲ ተመዲቦም ሃገር እትጠልቦ ጠለብ ዘሰላስሉ ዘለዉ ውሑዳት ኣይኮኑን። ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ንኹሎም ኣብኣ ተወዲቦም ዝነበሩ ተጋደልትን ህዝብን ዝሓቖፈ ስም ስለ ዝኾነ፡ ሕጅውን እቲ ፈታው ሃገሩ ዝኾነ ኣብ ሕቝፉ ዝነበረ ተጋዳላይ ነበርን ህዝብን ሃገር ኣብ ምህናጽን ልዕላውነታ ምዕቃብን ጉቡኡ የተግብር ኣሎ።

ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ (ተ.ሓ.ኤ.) ስለምንታይ ፈርከሽከሸ ኢሉ ንዝብል ሕቶ መልሱ፡ (1) <u>ኣሳ ዝሰኣና</u> <u>ኣባጊዕ ድራር ኣዛብእ ይኾና።</u> (2) <u>ዝተረፋ ወኻሩ ይጻወታለን።</u> (3) <u>ገለ ዕድል ዝገበራ ካብ ኩሉ መከራ ወጺኤን</u> <u>ገዝኤን ይኣትዋ፡</u> ዝዕይነቱ ዕድል እዩ ኣጋጢሙ። መሪሕነት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ምስ ዝዓበ ክፋል መሰረታቱ ዘራኽቦም ሰንሰለት ዳርጋ ኣይነበረን ክበሃል ይከኣል። ኣብ መንጎ ክልቲኡ ደላሎ ተበለጽቲ ከምዝነበሩ ኣይከሓድን።

**ሀ) ኣሳ ዝሰኣና ኣባጊዕ ድራር ኣዛብእ ይኾና፡** ዘበለኒ ምኽንያት ብሰንኪ ሓላፍነቱ ዝዘንግዐ ግስሩጥ ዝኾነ መሪሕነት፡ ሰራዊት ፋሕብትን ኢሉ ኣደዳ ስደትን መከራን ኮይኑ። ሰራዊት ምስቲ ምስ መሪሒነቱ ዝነበሮ ልሕሉሕ ዝምድናን ህ.ግ. ነዛ ዘኾለሰታ ኢድ ትነክስ ወያነ ምዕዳማን ወለቕ ዘለቕ ተበለጽትን፡ ንስምረት ዝነበሮ ሽውሃት ምስ ተዓጽዎ ኩሉ ተደማሚሩ ህላወ ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ሜዳ ኣኽቲሙ። እቲ ምዕራፍ ብኡ ተዓጽወ።

**ለ) ዝተረፋ ወኻሩ ይጻወታለን፣** እቶም ጠባይ ንኡስ ብርጁዋ ዝነበሮም ኣብ ግዜ ውራ ውራ ነብስኻ ኣይተዕብራ ከም ዝበሃል ገስገስትን ተብዓትን ክመስሉ ነቲ ኣብ ታሃዳይን ኮሮኮንን ዝነበረ ተጋዳላይ ክማስሕዎ እዮም ተራእዮም። ምስ ክውንነት መሰረታት ዘይቃዶ ማርክሲዝም ለኒኒዝም እናተባህለ ከም ገስገስትን ደሞክራስያውያን ክመስሉ ጭሕሞም ከዘግፉ'ዮም ምመሪጾም። <u>( ንኣብነት ጠባይ ናይዞም ተበለጽቲ ንምብራህ፡ ኣብ 1979/80 ደርግ ካብ ተሰነይ ተበጊሱ ንፎርቶ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት ጀብሃ (ፎርቶ ባርካ) ከጥቅዕ መደብ ምህላዉ ምስ ተረጋገጸ፡ መሪሒነት ጀብሃ ንኹሉ ቤት ጽሕፈታ ኣብ ባርካ ዝነበረ ንዶብ ሱዳ ክግዕዝን ብጀካ ውሑዳት ኩነታት ጥዕንኦምን ገለ ኣለይትን ገዲፍካ ኩሉ ኣባል ቤት ጽሕፈታት ዝነበር ክኸተት ኣዘዘ። ኣብ ኩናት ዝዳለወሉ ዝነበረ እዋን በቶም ተበላጺ ጠባይ ዝነበሮም ንነብሶም ከም ዓበይቲ ምሁራን ዝግምትዋ ኣብ ገለ ቤት ጽህፈታት ተዓቚሮም ኩሎም እንተዘይበልኩ መብዛሕትኦም ሓደ ንምምካት እቲ ውግእ ሕንፍሽፍሽ ዘእቱ ሓሳብ ኣልዓሉ። መሪሕነት ንምሁራት ከጥፍእ ካብ ኩሉ ቤትጽሕፈት ኣኪቡ ኣብ ውግእ የእትወና ኣሎ ዝብል ኣዝዩ ኣዕናዊ ፕሮፖጋንዳ ተነዝሐ። ንጸላኢ ንግዚኡ ዓቢ ድጋፍ ፈጠረ። ኣብዚ ዝበርሃልካ በተሓሳሰባ'ዞም ተበለጽቲ (1) ምሁርን ዘይምሁርን ዝብልል ፍፍልልይ ኣብ ግዜ ክተት፡ (2) ገንሸል ንመስዋእቲ ዝተፈርደን ዑቑር ናጽነት ዝጽበን ምንባሩ'ዩ።</u> እዞም ምሁራት ኢና በሃልቲ መብዛሕትኦም ኣብ ምህዳን ኢ.ዲ.ኤ.ም. (EDM) ዝለዓለ ኢድ ዝነበሮም እዮም። እዚ ካብቲ ብዙሕ ኣብ መንጎ ተ.ሓ.ኤ. ህዝባዊ ግንባርን ዝነበረ ፍልልያት ከረዳኣና ይኽእል። ንኣብነት ኣብ ህ.ግ. ወራር ምስ ዝመጽእ ኩሉ ነገር ገዲፍካ ጸላኢኻ ምምካት'ዩ። ስለ ዝኾነ ኩሉ ንውግእ ድሉው እዩ። ኣብ ጀብሃ ውግእ ርእዩ ዘይፈልጥ ኔሩ።

**ሐ) ገለ ዕድል ዝገበራ ካብ ኩሉ መከራ ወጺኤን ገዝኤን ይኣትዋ፣** ዘበለኒ ሳግም እቲ ኣብ ህዝባዊ ግንባር ብክልተኣዊ ስምረት ብጉባኤ ብወግዒ ዝሰመረ ሓይሊ ክፋል ተ.ሓ.ኤ. እዩ።

ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ምስ ፈረሰ ጊሂዱ ዝተራእየ ነገር እንተነበረ፡ እቲ መሰረታውን ገለ ታሕተዎት ካድራት ናይቲ ውድብ ዳርጋ 90% ምስቲ ንናጽነት ኤርትራ ዝቃለስ ዝነበረ ውድብ ህ.ግ.ሓ.ኤ ንምድጋፍ በብዘለዎን ካብ ዘዘለዎን ኮይኑ ተሳታፍነቱ ዘበርከተ። ኣብዚ ክጥቀስ ዝግብኦ ኣሉታዊ ነገር እንተሎ ብገለ ኣባላት ሓፉሽ ውዱባት ህዝባዊ ግንባር ነቲ ኣብ ኩናት ተጠማጢሙ ንጸላኢ ራዕድን ስዕረትን ዘውርደሉ ዝነበረ ተጋዳላይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ብትሑት ንቕሓት ዝተሰነየ ዘለፋታት ሃደምቲ እናተባህለ ይዝረብ ኔሩ እዩ። ያኣይ ከም ህዝባዊ ግንባር ፓስፖርት ኣውጺኡ ቪዛ ኣውቂዑ ዝላኣኾም ነቲ ተባዕ ኤርትራዊ ከነኣእሱ ሕንኽ ኣይበሉን። እዚ ኣብ እዋኑ ንቕሓት ዝጎደሎ ኣበሃህላታት ከቀሓሕር ኪኢሉ

እኳ እንተነበር ክሃስስ ግዜ ኣይወሰደን። **ኣገናዕ** ነቶም ነቲ ዘለፋታት ሕጽረት ንቕሓት ምኳኑ ተረዲኦም ኣብ ጎኒ ህ.ግ. ኮይንኖም ሃገራዊ ጉቡኦም ዘበርክቱ ዝነበሩን ሕጂ'ውን ዘበርክቱ ዘለዉን ኣባላት ተ.ሓ.ኤ ነበር።

እሞ እዞም ሎሚ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኢና እናበሎ ብውሽጣዊ ግርጭታቱ ዝተሳዕረ ውድብ ከም ታሓለቕትን መራሕትን መሲሎም ሩሑቕ ዓዲ መሓሰዊ ከምዝብሃል ሃተፍተፍ ዝብሉ ዘለዉ ንመን ከደናግሩ ኮን ይኾኑ? ነዞም ኣብ ቅድምን ድሕርን ነጻነትን ዝተወልዱ መንእሰያት? ትንሳኤ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ምስ ናይ መሰረታውያን ናይ ስምረት ጭሮሖታቱን ብውድብ ሳግም ተረጋጊጹ እንድዩ። ነዚ ዘይፈልጥ ኣሎ'ድዩ? ኣብ ኮርኮንን ተሃዳይን ኣሽሓት ሰራዊ ከሎ ህላወ ተ.ሓ.ኤ. ከረጋግጽ ዘይከኣለስ ቱኺቦ ወያነን ናይ ካልኦትን እናተጸበኻ ነቲ ታሪኻዊ ስም ተ.ሓ.ኤ. ዘመራስሕ እንተዋይ እዩ? መንግስተ ሰማይ የዋርሶም ሙዉት ኣይልዓልን'ዩ መብዛሕትኦም መራሕቲ ተጋድሎ ሓርነት ዝነበሩ ሓሊፎም ኣሎዉ። ሓደ ክልተ ከኣ ኣብ ሃገሮም ኮይኖም ይሰርሑ ኣሎዉ። ክንዲ ቁጽሪ ኣጻብዕ ዘይኣኽሉ ንኡሳት ብርጃዋ(ተበለጽቲ) ኣብ ካልኣይ ህገራዊ ጉባኤ ተ.ሓ.ኤ. መመላእታ ቁጽሪ ዝተመርጹን ውድብ ዘብረሱ ከም መራሕትን ተሓለቕትን ኮይኖም ከህተፍቱፉ። እዚኦምን ተኸተልቶምን እዮም ሎሚ ብስም ተጋድሎ ሓርነት እናሸቐጡ ነታ ብዘይ ምርጫ ህዝቢ ኤርትራ ብሕቡራት መንግስታት ዝተዋሕበትና ሰማያዊት ባንደራ ኣብ ግዜ ፌደረሽን ምፍራሱ ጉቡኣ ኣኺቲማ ኣብ ታሪኽ ዝሰፈረት እናውለብለቡ ዕረፍቲ ከሊኦማ ዘለዉ። ባንደራ ህግደፍ ኣይትውክለናን'ያ፡ እናበሉ ታሪኽ ብምጥምዛዝ መንእሰያት ዘደናግሩ ዘለዉ። መሰረታውያን ተ.ሓ.ኤ. ኣይተበታተኑን መቃለሲ ውድብ እዮም መሪጾም። ባንደራ ህ.ግ.ደ.ፍ. ዝበሃል የለን። ባንደራ ህዝቢ ባንደራ ሃገር ምስ ኩቡር ትርጉማ፣ መስዋእትነት ትሕብር፡ ሰማያዊ ባሕርና ትምስክር፡ ጉዕዞ ልምዓትና ተረጋግጽ፡ ማዕድናዊ ትሕዝቶና ተመልክት ኣላትና። ንቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ትውክል።

እዞም ኣብ ላዕሊ፡ ኣብ ግዜ ውራ ውራ ነብስኻ ኣይተዕብራ ኢለ ዝጠቐስኩዎም ተበለጽቲ፡ ነታ ጉቡኣ ፈጺማ ኣብ ኩቡር ታሪኽና ሰፈራ ዝሓዘት ናይ ሕድሪ ሰማያዊት ባንደራ ከም ህዝቢ ኤርትራ ብምርጫኡ ዝተኸላ ኣምሲሎም ከታልሉ ከለዉ ንመን እዮም ከእሙኑ፡ ።

ሕጅውን እቲ ማዕዳ/መተሓሳሰቢ ንመንእሰያትና'ዩ። ቅድምን ድሕርን 1961 ዝነበረ ታሪኽ፣ ካብ 1970 ክሳብ 1982፡ ካብ 1980 ክሳብ 1991፡ ቀጺሉ ክሳብ ሕጂ ዘሎ በብመድረኹ ኣብሲልኩም ክትፈልጡዎን፡ ብፍላይ ታሪኽ ናይቶም ውልቀ ሰባት ኣብ ጥፍሓት ተጋድሎ ሓርነት ብሓላፍነት ዝሕተቱ ሰራዊት ኣበይ ከምዝኣቶ ግዲ ዘይብሎም፡ እንታይ ድኣ ነንሕድሕዶም ምስቶም ብፍሉይ ዝንባለታትን ጥቕምታትን ዝጽግዖም ከም ሰራሕቲ ቅያ ኣምሲሎም ክወዳደሱ ከለዉ እዛ ቡርኩታ ገለ ኣላታ ዘምስዕ ምኳኑ ክትግንዘቡ ይግባእ። ተሓቢኡ ዝነብር ታሪኽ የለን። ናይ ግዜ ሕቶ ጥራሕ እዩ።

ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና፡
ዓወት ንሓፋሽ